03/10/2021

# ከምይ ኣሎ ሃለዋትና

ሕሰብ ኣስተውዕል ተመራመር ተባራርበር

ብጠቕሲ ናይ ሊቕ ኤማኑኤል ካንት( Emmanuel KANT) ክንከፍቶ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርኣየና፡፡

ሰብኣዊ መበገሲ ደቂ ሰባት፣ ካብ ተፈጥራዊ ሽግር ወይ ጸገማት ከምልጥ ኣይካኣልን እዩ። ስለምንታይስ ንሱ ዝፈጠሮ ዘይኮነስ ባህርያውን ተፈጥራዉን ብምዃኑ መጠን፣ ንምቅላሱ እንተዘይኮይኑ መሰረታዊ ፍታሕ ክርከበሉ ካብ ጻዕሪ ሓሊፉ ን-ተፈጥሮ ክልውጦ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለ ዝኾነ። እዚ ባይታቃልሲ ፍታሕ ንምርካብ ዝካየድ መጠርሽታ ዘይብሉ ጻዕሪታት ክኣ **ሜታ-ፊዚክ** ይብሃል ይብለና።

እዚ ጠቕሲ ናይ ካንት ነዚ ናትና **ሃለዋትን ን-እንገብሮ ጻዕሪታት ቃልሲ ንፍትሒ ንምንጋስ ግዝኣተ-ሕጊ ንምህላውን ዲሞክራሲ ምጥጣሕን** ዝካየድ ቃልሲ ከዛኻኽረና ኪኢሉ።

ኣብዛ ዘለናያ እዋን ናይ ብሓቂ፡ **ሃለዋትና ከመይን ኣበይን** ኢና ዘሎና ዝብል፣ ብ-ህየሳ መልክዕ እትርእን፡ ንነብስና ቀንጢውና እንባራበረሉን ኣሎ'ኹ ክንብል ዝግባእ ኮይኑ ይስምዓና።

እዚ ናይ ካንት ህየሳ መበገሲ/ምኽንያት፣ ውጹእ/ንጹህ ተፈጥራዊ ስነ-ሞጎት፡ ነጥበ-መቐይሮ ወይ ዓብዪ ለውጢ/ሰውራዊ ተበግሶ ዘበሰረ ኮይኑ፡ ካብዚ ዝነቐለ ምዕባለ ሓሳብን ፍልስፍና ከም ዝማዕበሉ ሊቃውንቲ ወይ ሙሁራት ይሕብሩ፡፡

እቲ ቀንዲ መበገሲና ብዛዕባ ኤማኑኤል ካንት ካልኦት ዓበይቲ ሊቃውንቲ ዘቕርብዎ ስነ-ሓሳብ ወይ ንቕድሚት ዝጥምት ራኢ ዘንብርዎ ፍልስፍና ምዝራብ ዘይኮነስ፣ ኣብዛ እዋን'ዚኣ **ሃለዋትና** ኣበይ ኣሎ ከመይ'ከ ንመስል ?? ምስ ግዜን ኩነታትን ንጓዓዝ-ዶ ኣሎና ? ወይ እቲ ክንገብሮ ዘሎና ገዲፍና <u>መሕቢኢ</u> ዝኾነና ባዓትታት ኢና ተሓቢኢና ብጩራ እነማዕዱ ዘሎና ? ካብቲ ባዕላዊን ውድዓውን ክንሃድም ምእንቲ፡ ኣብ ዓበይቲ ኢልና እንሓስቦም ኣርእስታት/ኣምራት ኢና ተኸዊልና፡ <u>ነብስና</u> ብሽም ኣብቲ ዓውደ ውግእ ንፍትሒ፣ ንሰላም፣ ራህዋን ንምምጻእ ዝብል ህሞት ንኽውላ ኣሎና? ፡፡

ኣብ ሓቢርካ ምስራሕን፣ ሓድነት ንምምጻእን ዘይውዳእ ፖለቲካዊ ቁሩቁስ ተተኺልና፡ <u>ህዝብና ክጸንትን ፣</u> ኣብዘይ ይግብኦ ናይ ዓሌት ምጽናት ውግእ ተሸኺሉ፣ ደቁ ከም (mercenary) ዕሱባት ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ በሃሊ ኣብይ ኣሕመድ ኮይኖም፡ ድልየት ናይዚ ማፍያ ደስቡጣ ኢሳያስን ሰዓብቱን ኮይኖም ፈቒዶ ዓድታት ኢትዮጲያ ብኸንቱ ክሞቱን ዘይ ናቶም ውግእ ክሳተፉን ክንዕዘብ ኮሎና፤ ኢድና ኣጣሚርና ኣብ ዘይውዳእን መፈጸምታ ዘይብሉ ብ-ስም ሓድነት ዝካየድ ፖለቲካዊ ክትዓት ጢሒልካ ግዜኻ ምብኻን ምስ ምንታይ ክቑጸር ይካኣል ? ።

እቲ ካብ ሃገርና ዝመጽእ ወረ፡ ዓበይቲ ዓድን ብ-ዓጽበታት/ጥምየት ሕማምን ዝሃልቑ ዘሎ ህዝብና፤ ብጽምዋ ንበይኖም ተሪፎም ዓበይቲ ዓዲ <u>ሞይቶም</u>  ዝርእዮም ስለ ዝሳኣኑ ሬሰኦም ጨንዩ ብሓላፍ መገዲ ንመዛጋጃ-ቤት ሓበረታ ብምሃብ ክልዓሉ ምግባር፣ ዝካናዋን ዘሎ ምሰራሕ፣ ናይ ህዝብና ***<u>ሃየንታ</u>*** ክወርደና ከም ዝኽእል ደምበር-ዶ ንሓስበሉ ንኸዉን ? ዘገርም ሕጂ ናተይ ኣራኣእያ፣ ናተይ ሓሳብ ዘይ-ኮነስ፤ እዋኑ <u>ህዝቢ ኣድሕን፡ ሃገርካ ተኻላኸል፣ ህላውነትካን፣ ህላውነት ህዝብካን  ኣራጋግጽ</u> እዩ ዘሎ ይመስለና፡
፡

ሃገርን ህዝብን ከይሓዝካ-ዶ፡ ብስነ ሓሳብን፣ ኣነ እባ እሰኻ እናበልካ ግዜ ምቕታልስ ምስ ምንታይ ይቑጸር ? ።

ኣነ ንፍትሕን ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕጊ ንምምጻእ ይቃለስ እናበልካስ፣ እቶም <u>ንህላውንኦም ዝቃለሱ፡ እሰብኣዊ ዓመጽን ህልቀትን ህዝቢ ንምድሓን ዝቃለሱ ክትከስስን፣ ብእኦም ክትካታዕን፡ ወይ ደጋፍን ነጻግን፣ ወይ ዘይሽራዊ ኮንካ ክትርአን፣</u> ምፍታንስ **<u>ፍትሓዊ-ዶ</u>** ክብለካ ይኽእል ?

ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ ዋና ዓማጽ ዝኾነ ማፍያ ደስቡጣ ኢሳያስ ምስ ውሑዳት ሰዓብቱ  ደቅናን የሕዋትናን ብግደታ ዝዓሰቦም፡ ኣብ ዘይናትካ ኩናት ክኾቶም ክትርኢ ኮሎኻስ፣ ክትኩኑኖን ንህዝብኻ ክኣ ደቀይ ኣይህብን በል ክትብል-ዶ ኣይኮነን ዝግባኣካ ? ካብኡ ሓሊፉ ነቶም ብደቅኻ ገይሩ ወድሰብ ክገብሮ ዘይኻኣል <u>ገበን፣ ዓመጽ</u> ንምግባር ዘዋፈሮም ደቅኻ፡ ኣብ ርእሲ ምኹናን፣ ምስ'ቶም ነዚ ንምምካት ብሓይሊ ብረት ዝቃለሱ ዘለዉ ህዝባዊ ሰውራ፣ ወጊንካ ነዚ <u>ሓደን ዋና ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ማፍያ ደስቡጣ ስራዓተ ኢሳያስን ሰዓብቱን ክትቃለስ ቁሩብ-ዶ ክትከዉን ኣይግባእን ?</u> ናትካ ጡርኑፍ ምዃንን ሰውነትካ ወዲብካ ርእሰ-ተኣማምነት ሃልዩካ፡ ኣብ ባይታ ቅድመ ግንባር ኮይንካ ፍተውራሪ ፍትሒ ክትከዉንን ዘድሊ <u>ምትሕግጋዝ</u> ክህልወካን ክትገብርን እንታይ ጸገም ከምጽኣልካ ይኽእል ? ።

ሃገር ብደቂ ሃገር ምባልስ ሓገዝ ዘይብሉ ወይ ናይ **ሓባር ጸላኢ ብ-ናይ ሓባር ቃልሲ፡** ሎሚ ዝተጀመር መስርሕ ሰውራታት ዘይምዃኑ ኢና እንርዳእ፡፡ ስለምንታይ ንኤርትራውያን ብፍላይ ንደምበ ፍትሒ ሓጥያት ወይ ጸገም ምዃኑ ክርዳኣና ኣይካኣለን፡፡

03/10/2021

ናሲዚም ፋሽስዚም ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ክሳዓሩ ዝኻኣሉ፣ ብ-ስነ ሓሳብ ይኹን ብ-ረብሓ ዘይራኸባ **ልፍንታዊ መስርሕ** ስለ ዝተኸተላን፣ ድሕሪ ናይ ሓባር ጸላኢ ምስዓረን፣ ብሓባር ብሰላም ክነብራ ምእንቲ፣ ውዑላት ፈሪመን ፡እዚ ሕጂ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ዝብሃል፣ ንቡዙሓት ሃገራት ዝሓቖፈ፡ ምስክር ኮይኑ ከምኡ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት'ውን ኣብነት ክንዝክሮ ንኽእል፡፡ ከመይን ብኸመይን ዝርዝሩ ነዊሕ ስለ ዝኾነ ብሓፈሻኡ ጠቒስካ ምሕላፍ መሪጽና፡፡

ኣብ ደምበ ፍትሒ እንርእዮ ዘተን ምትእኽኻብን ናይ ሙሁራት ይኹን ዝተፋላለዩ ባይታ ዘተ፣ ብሓቂ ኣካዳምያዊ ብምዃኑ መጠን፡ ኣብዛ እዋን'ዚኣ ወይ ነቲ ህጹጽን ብቐጥታ ክግበር ዘለዎ ስርሓት የማልእ ወይ እቲ ክህቦ ዘለዎ እዋኑን ግዚኡ ዝሓቶ ፍታሕ ከይሃበ፡ ግዜ ይበልዕ፡ ህዝብና ይጸንት ምህላዉ ብዙሕ ዘሻቕልን ዘሕስብን ኮይኑ ረኺብናዮ፡፡

ከም ትዕዝብትና ነቲ ክኸዉን ዘለዎ ዝሕብር፣ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእ ይጠቅም ዝብል፡ **ስነ ሞጎትን፣ ስነ-ሓሳብን ብፍላይ ነባሪ ዕርቂ ንኽምጽእ እንታይ ክንገብር ኣሎና ኢሉ ዝዋሃብ ኣስተምህሮታት፡ ኣገዳስነቱ ዑዙዝ ምዃኑ ዝስሓት ኣይኮነን።** ኮይኑ ግን ኣብዛ ሰዓት'ዚኣ ኣብዛ ደቒቕ'ዚኣ ክንደይ ህጻናትን ዓበይቲ ዓዲን ዝጸንትሉ ዘለዉ፣ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ **ሂወት** ሃለዋትን ብምዕዛብ ሁጽጽነቱ ብምርዳእ ንምዕጋቱን ጠጠው ንምባሉን ግዜ ዘይህብ እዋን ኮይኑ ንረኽቦ። ካብዚ ዝነቐለ ውድባትን፣ ምንቅስቓሳትን፣ ህዝባውያን ማሕበራትትን፡ ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ከናድያ፣ ሊቃውንትን ሙሁራትን ኣካላት ኣካዳማዊን ነባሪ ዕርቂ ህዝብታት ንኽመጽእ ክካየድ ዘለዎ መስርሕ መጻናዕታት ከካይዱን ክዛተዩን ከለዉ፤ ህዝብና ብወገኑ ይጸንት ሃገርና ልእላውነታ ከይጠፍእ ኣብ ዘስጋኣሉ እዋን፡ እቲ መጽናዕታት ይኹን እቲ ሓበራዊ መስርሕ ውድባታት ነዊሕ ፖለቲካዊ ጉዕዞ ዝወስድን ብዙሕ ምትሕልላኻታት ክስገርን ሰለ ዘለዎ ነዚታት እናኣካየድካ፡ ጎኒ-ጎኑን ቀዳምነት ዝዋሃቦን ዝግባእ፣ ሕጂ ሕዝብን ሃገርን ምድሓን ዝጠቅም መስርሕ ክነዘውትር ክንምህዝን ይግባእ፡፡ እሱ ካኣ ህጹጽ ሓበራዊ መስርሕ እዩ።

ብወገና እንብሎ ምስ ሕልናና ንታዓረቕ ወይ ንድቅስ-ዶ ንህሉ-ዶ ንኸዉን? እዚ ስጋብ ሕጂ እነካይዶ ዘሎና ኣጋባብ መስርሕ፡ ፍታሕ ይህብ ኣሎ ኢልና-ዶ ንኣምን ? መልሱ እዚ ኣብ ባይታ ዝርአ ውጺኢት ፍትሓዊ ቃልስታት ምስክር ኣኻሊ እዩ ንብል።

እቲ ዘድሊ ኩሉ ዘለካ ራኢ ፣ ስነ-ሓሳብ ፣ፖለቲካዊ ፕሮግራም ንጎድኒ ገዲፍካ ህጹጽ ሓበራዊ ስራሕን፡ ነዚ ኣብ ድያስጶራ ዘሎ ህዝብና ኣሕቢሩ ዘቃልስ፡ ብስሙ ኮይኑ ንህዝብና ድምጺ ዝህብ፣ ብ-ዘይ-ዓርፍቲ ኩሉ ግዜ ኣድማታት ብምክያድ ንኹሉን ናይ ዓለም ባይቶታት ቆላሕታ ዘሕድረሉን ብዛዕባኡ ክዛረብ ብምግባር፡ህዝቢ ኤርትራ መሰሉን ክብረቱን ክረክብ፡ካብዚ ዘለዎ ዓጽቦ ፍትሒን፣ ምጽናት ህዝቢ፣ ምድሓን ካብ ጥምየትን ሕማምን፣ ክጋላገል ምእንቲ፡ ብዘይ ዕረፍትን ሙሉእ ሓይልን ክስራሕ ከም ዘሎዎ ንኣምን፡፡

ጽዊዒትና እምብኣር፡ ኩሉ ኣብ ዲያስጶራ ዘሎ **ንፍትሒ ዝቃለስ፡** ህዝብናን ግዜ ዝጠልቦ ስርሓት ምክያድ'ዩ ዝግባእ ንብልን ነማሕጽንን፡፡

ሕጂ'ውን ንሕሰብ ነስተውዕል ንባራበር ንማራመር፡ ካብ ኩሉ ዝላዓለ ግን፣ **ግብራዊ ስርሓት ንምግባር ንበገስ ኢና ንብል፡፡**

ኣዳለውቲ ፍትዊ ክፍለ ምስ ብዙ ቡቲኞሊ